# ሮታቫይረስ ክታበት (Rotarix®)
## Rotavirus Vaccine (Rotarix®)

**ናይ ውላድካ ድሕነት ሓሉ።**
**ኩሎም ክታበታት ኣብ እዋኑ ውሰድ።**

ኩሎም ክታበት ኣብ እዋኑ ምውሳድ፣ ውላድካ ኣብ ህይወቱ ካብ ዘጋጥምዎ ብዙሓት ሕማማት ውሑስ ክኸውን ይኽእል።

ኣብ ዝሓለፉ 50 ዓመታት ኣብ ካናዳ ካብ ዝተገብሩ ካልኦት ናይ ሕክምና መስርሓት ንላዕሊ፣ ክታበት ህይወት ሰባት ኣድሒኑ እዩ።

### ናይ ሮታቫይረስ/rotavirus ክታበት እንታይ እዩ?

ናይ ሮታቫይረስ ክታበት ንዕሸላት ካብ ብሮታቫይረስ ክመጽእ ዝኽእል ውጽኣትን ተምላስን ክከላኸለሎም ይኽእል። ብካልኦት ቫይረሳት ዝመጽእ ውጽኣትን ተምላስን ክከላኸለሎም ኣይክእልን። እቲ ክታበት ሕማም ከስዕቡ ዘይክእሉ ዝደኸሙ ሮታቫይረሳት ዝሓዘ እዩ። እዚ ክታበት ብጥዕና ካናዳ (Health Canada) ዝተረጋገጸ እዩ።

ናይ ሮታቫይረስ ክታበት ከም መጠን ናይ ውላድካ ተኸታታሊ ክታበት ኣካል ብነጻ ዝወሃብ እዩ። ቆጸራ ንምትሓዝ ናብ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ደውል።

### ናይ ሮታቫይረስ ክታበት መን እዩ ክወስድ ዘለዎ?

ናይ ሮታቫይረስ ክታበት ካብ 2 ወርሒ ዕድመ ጀሚሮም ዘለዉ ዕሸላት  እዩ ዝወሃብ። ብተኸታታሊ ብመልክዕ 2 ዓቕን መድሃኒት ኮይኑ እዩ ዚወሃብ። እቲ ቐዳማይ ዓቕን መድሃኒት ኣብ 2 ወርሑ፣ እቲ ካልኣይ ከኣ ኣብ 4 ወርሑ እዩ ዚወሃብ። ናይ

ሮታቫይረስ ክታበት ከም ካልኦት ናይ ቁልዕነት ክታበታት ብተመሳሳሊ ጊዜ እዩ ዝወሃብ።

ዕሸልካ ናይ ሮታቫይረስ ክታበት ኣብ እዋኑ ምውሳዱ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ቀዳማይ መጠን ናይቲ ክታበት ቅድሚ 20 ሰሙን ዕድመ ከምኡ'ውን እቲ ኻልኣይ መጠን ኣብ 8 ወርሒ ዕድመ ክወሃብ ይግባእ። ዝበለጸ ዕቚብ ንምርካብ ክልተ መጠን ናይቲ ክታበት የድሊ።

ንኹሉ እቲ እተቐበልካዮ ክታበታት ክትምዝግቦ ኣገዳሲ እዩ።

ናይ ሮታቫይረስ ክታበት ብኣፍ እዩ ዝወሃብ። ሒደት ነጠብጣብ ናይቲ ፈሳሲ ክታበት፣ ምእንቲ ኽውሕጡ ኣብ ኣፍ ውሉድካ ይቕመጥ።

እቲ ካብቲ ክታበት ዝርከብ ቫይረስ ክታበት ድሕሪ ምውሳዱ እንተወሓደ ን 10 መዓልታት ኣብ ናይ ዕሸልካ ቀልቀል ክርከብ ይኽእል እዩ። ወለድን ተኸናኸንትን ዳይፐር ምስቀየሩ የእዳዎም ብዝግባእ ክሕጸቡ ኣለዎም።

### ናይ ሮታቫይረስ ክታበት ምውሳድ እንታይ ረብሓታት ኣለዎ?

እቲ ክታበት ልዕሊ 3 ካብ 4 ናይ ሮታሪቫይረስ ሕማም ክከላኸል ይኽእል፣ እዚኣቶም ድማ ዳርጋ መብዛሕትኦም እቶም ከበድቲ ሕማማት ይርከብዎም። ውላድካ ክታበት ምስዝወስድ ንኻልኦት'ውን ከተዕቑቦም ትኽእል ኢኻ።

### ድሕሪ እቲ ክታበት እንታይ ሳዕቤን ክፍጠር ይኽእል?

ክታበታት ኣዝዩ ውሑስ ኢዩ። ናይ ሮታቫይረስ ረኽሲ ካብ ምሕማም ንላዕሊ ነቲ ክታበት ምርካብ ዝሓሸ ኢዩ።

መብዛሕትኦም ዕሸላት ነቲ ክታበት ምስወሰድዎ ዝኾነ ዓይነት ሳዕቤን ኣየርእዩን እዮም። ገለገሊኦም ሰባት ድሕሪ ክታበት ውጽኣት፣ ቀጨውጨው ምባል፣ ቅርጸት፣ ፈሲ ወይ ዘሕክኽ ዓበቕ ክወጾም ይኽእል።

ካብ ካናዳ ወጻኢ ኣብ ዝርከባ ገሊኣን ሃገራት፣ ቀዳማይ መጠን ናይ ሮታቫይረስ ክታበት ምስ ተዋህበ ኣዝዩ ውሑድ ናይ ኢንተስሰፕሽን (ምቖጻር መዓናጡ) ሓደጋ ተራእዩ ኢዩ። ናይ ኢንተስሰፕሽን ሓደጋ ዳርጋ 1 ክሳብ 2 ኣጋጣሚታት ካብ ነፍሲወከፍ 100,000 ነቲ ክታበት ዝወሰዱ ዕሸላት የጋጥሞም። እንተበዝሐ፣ 1 ዕሸል ኣብ ዓመት ናይ B.C፡  ክለክፍ ይኽእል።

| ሮታቫይረስ ክታበት | ክታበት ዝወሃበሉ ናይ ቆልዓ ዕድመ |
|---|---|
| 1ይ መጠን መድሃኒት | 2 ወርሒ |
| 2ይ መጠን መድሃኒት | 4 ወርሒ |

ንምውድዳር ዝኣክል፣ ኣብ ነፍሲወከፍ ዓመት ኣብ B.C. ዳርጋ 1 ካብ 4,000 ህጻናት ትሕቲ 1 ዓመት ዝኾኖም ናይ ኢንተስሰፕሽን ሓደጋ ክታበት ከይወሰዱ ከጋጥሞም ይኽእል።

ምልክታት ናይ ኢንተስሰፐሽን ሕብጥታት ከብዲ፣ ብተደጋጋሚ ምትፋእ/ምምላስ ከምኡ'ውን ደም ዝተሓወሰ ተቕማጥ የተቓልል። ውሉድካ ድኹምን ቀጨውጨው ዝበሎን ኪመስል ይኽእል እዩ፣ ብርቱዕ ብኽያት'ውን ክበኪ ይኽእል እዩ። ውሉድካ ነዚ ምልክታት እዚ እንተ ኣርእዩ፣ ንውሉድካ ናብቲ ዝቐረበ ክፍሊ ህጹጽ ኵነታት ክትወስዶ ኣሎካ።

ዝኾነ ይኹን ክታበት ድሕሪ ምውሳድ ን 15 ደቒቕ ኣብቲ ክሊኒክ ክትጸንሕ ኣድላዪ ኢዩ፡ ምኽንያቱ ኣናፊላክሲስ (anaphylaxis) ዝበሃል ንህይወት ዘስግእ ቍጥዐ ኣካላት ካብ ሚልዮን ኣብ 1 ሰብ ዝርአ ሳዕቤን ከስዕብ ስለ ዝኽእል ኢዩ። እዚ ከኣ ሕማም ቆርበት፣ ሕጽረት ምስትንፋስ ወይ ሕብጥታት ጐረሮ፣ መልሓስ ወይ ከናፍር ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ከምዚ ዓይነት ሳዕቤን እንተ ኣጋጢሙ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ክሕክሞ ድሉው እዩ። ክንክን ህጹጽ ሕክምና ከም እኒ ምምሕዳር ኤፒነፍሪን (epinephrine) (adrenaline) ከምኡ'ውን ብኣምቡላንስ ናብቲ ዝቐረበ ክፍሊ ህጹጽ ሕክምና ምትሕልላፍን የጠቓልል። ካብቲ ክሊኒክ ምስ ወጻእካ ምልክታት ሕማም እንተድኣ ኣማዕቢልካ ናብዚ ደውል **9-1-1** ወይ ናብቲ ናይ ከባቢ ቍጽሪ ህጹጽ ኵነታት ደውል።

> Acetaminophen (ንኣብነት Tylenol®) or ibuprofen* (ንኣብነት Advil®) ንረስኒ ወይ ቃንዛ ክወሃበካ ይኽእል እዩ። ASA (ንኣብነት Aspirin®) ትሕቲ 18 ዓመት ንዝዕድሚኡ ዝኾነ ይኹን ሰብ ክወሃብ የብሉን ከመይሲ ሕማም Reye Syndrome ከስዕብ ስለ ዝኽእል እዩ።

*Ibuprofen መጀመርታ ንኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ከይተዘረብካ ነቶም ትሕቲ 6 ወርሒ ዝዕድሚኦም ቈልዑ ክትህቦም የብልካን።

ብዛዕባ Reye Syndrome ዝያዳ ሓበሬታ እንተደሊኻ ኣብዚ ርአ [HealthLinkBC File #84 Reye Syndrome](HealthLinkBC File #84 Reye Syndrome)።

## ናይ ሮታቫይረስ ክታበት መን እዩ ክወስድ ዘይብሉ?

ምስ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ተዘራረብ እንተድኣ ውላድካ፥

- ኣቐዲሙ ዝወሰዶ ዓቐን መድሓኒት ኒሞኮካል (pneumococcal) ክታበት ወይ ዝኾነ ይኹን መጠን እቲ ክታበት ንህይወቱ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ እንተ'ደኣ ኮይኑ
- ብሰንኪ ሕማም ወይ ናይ ሕክምና ክንክን ዝመጸ ድኹም ስርዓተ ምክልኻል ሕማም እንተሃልይዎ፣
- ዝደኸመ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ኣብ ስድራቤት እንተ ኣልዩ
- ውሉድካ ኢንተስሰፐሽን እንተ ኣልይዎ ወይ ከኣ ን ኢንተስሰፐሽን ከስዕብ ዝኽእል ሕማም መዓናጡ እንተደኣ ኣልይዎ

መጠኑ ዝሓለወ ወይ ከቢድ ውጽኣት ወይ ተምላስ ዘለዎም ሕጻናት፣ ወይ ድማ ከቢድ ሕማም ዘለዎም ሕጻናት፡ ካብ ሕማሞም ክሳዕ ዚሓውዩ ክታበት ክወሃቡ የብሎምን።

ብሰንኪ ቍሪ ወይ ካልእ ፈኲስ ሕማም ነቲ ክታበት ምውሳድ ከተደናጉዮ የብልካን። ይኹን እምበር፣ ዘተሓሳስበካ ነገር እንተ ኣልዩካ ምስ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ተዘራረብ።

## ሮታቫይረስ እንታይ እዩ?

ሮትራቫይረስ ሓድሓደ ግዜ ናይ ኸስዐ ኢንፍሉወንዛ ዚብሃል ኮይኑ፣ ጋስትሮኢንተራይተስ/ሕማም ከስዐ ዜስዕብ ቫይረስ እዩ። ሮትራቫይረስ ቀንዲ ካብቶም ኣብቶም ትሕቲ 5 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ምኽንያት ናይ ውጽኣትን ከምኡውን ብሰንኪ ውጽ ኣት ናብ ሕክምና ናይ ምእታውን ጠንቂ ኢዩ። ዳርጋ ኩሎም ዘይተኸትቡ ቆልዑት ቅድሚ 5 ዓመት ዕድመ ምምልኦም እንተወሓደ 1 ሮታቫይረስ ይሕዞም እዩ።

እቲ ቐዳማይ ምልክታት ረኽሲ ሮታቫይረስ መብዛሕትኡ ግዜ ረስኒን ምምላስን እዩ፣ ስዒቡ ድማ ውጽኣትን ቃንዛ ከስዐን። እዚ ምልክታት እዚ ሓደ ሰብ በቲ ቫይረስ ምስ ተታሕዘ ኻብ 1 ኽሳዕ 3 መዓልቲ ጸኒሑ እዩ ዚርአ። ውጽኣት ካብ 4 ኽሳዕ 8 መዓልቲ ኺጸንሕ ይኽእል እዩ። ውጽኣት ወይ ተምላስ ከቢድ እንተ ኮይኑ ከምኡውን ብተደጋጋሚ እንተደኣ ዘጋጥም ኾይኑን፣ ንኣሸቱ ቆልዑ ኣብ ኣካላቶም ዘሎ ማይ ኣዝዩ ክጎድል ይኽእል። እዚ ሕክምና እንተ ዘይተገይሩሉ እቲ ቆልዓ ክመውት ይኽእል እዩ።

ሮታቫይረስ ንቀልቀል ናይ ሓደ ዝተለኽፈ ቆልዓ ብምትንካፍ ብቐሊሉ እዩ ዝመሓላለፍ። እዚ ዳይፐራት ኣብ ንሕዘሉ እዋን ከጋጥም ይኽእል። መብዛሕትኡ ግዜ ኣእዳውካ ብሳሙናን ብማይን ምሕጻብ ሮታቫይረስ ንኸይላባዕ ዚሕግዝ ዝበለጸ መገዲ እዩ። ውጽኣት ወይ ተምላስ ዝሓመመ ቆልዓ ናብ ዴይኬር ክኸይድ የብሉን፣ ወይ'ድማ ውጽኣት ወይ ተምላስ ካብ ዘቋረጸሉ ሰዓት ጀሚሩ ን 48 ሰዓታት ምስ ካልኦት ቆልዑ ክራኸብ የብሉን። ብዛዕባ ምሕጻብ ኣእዳው ዝምልከት ምኽሪ፣ ኣብዚ ዝስዕብ ተመልከት [HealthLinkBC File #85 Hand Washing: ምልባዕ ደቀቕቲ ተህዋስያን ደው ንምባል ዚሕግዝ](HealthLinkBC File #85 Hand Washing: ምልባዕ ደቀቕቲ ተህዋስያን ደው ንምባል ዚሕግዝ)።

BC Centre for Disease Control
Provincial Health Services Authority

ብዛዕባ ፋይል ጥዕና BC (HealthLinkBC ) ዝገልጽ ኣርእስቲ ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ኣብዚ ብጻሕ[www.HealthLinkBC.ca/health-library/healthlinkbc-files](www.HealthLinkBC.ca/health-library/healthlinkbc-files) ወይ ናብቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና ኽትከይድ ትኽእል። ኣብ B.C ህጹጽ ዘይኰነ ሓበሬታ ጥዕናን ምኽርን እንተ ደሊኻ ናብዚ ብጻሕ [www.HealthLinkBC.ca](www.HealthLinkBC.ca) ወይ ናብዚ ደውል **8-1-1** (ብናጻ ክፍሊት)። ንምስማዕ ዝተስኣኖምን ምስማዕ ዝኸብዶምን ናብዚ ደውል **7-1-1**። ትርጉም 0 ኣገልግሎት ብልዕሊ 130 ቋንቋታት ክርከብ ይከኣል እዩ።